ኣብነታዊ ሥነ-ጥበበኛ ጸጋይ በራኺ

==========

ክቡራንን ክቡራትን፡ቕድሚ ሎሚ ብዛዕባ ኣብነታዊ ሥነ-ጥበበኛ ጸጋይ በራኺ፣ኣድሃበ ክልተ ክፋላት-ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣዝማሪኖ ለጢፈ ነይረ-እንተኾነ ወናኒ እታ መርበብ ሓበሬታ ብመሰረት ዝኣተወለይ ቃል ክፍጽም ብዘይምኽኣሉ ከቋርጾ ተቐሲበ'የ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዓይጋፎረም ድማ ምኽንያቱ ብዘይርድኣኒ ዝህቡኒ ዝነበሩ ኣገልግሎት ደው ከም ዘበልዎ ኣብ ሓደ ዕሑፍ ሓቢረ ብምንባረይ ከም ርዑም ጎሴዮ ክሓልፍ'የ።

ስለዚ፡ታሪኽ ደጋጊሙ ክፍተሽን ክምርመርን ክጽናዕን ኣሎዎ ዝብል ኣምር ብምኹልካል፣እንሆ እተን ኣብ ዓይጋ-ፎረም ዝቐረባ ብ "በርቂ ሓጋይ" ዝብል ኣርእስቲ ቐሪቡ ካብ ዝነበረ-3 ክፋላት፣ነታ ቀዳመይቲ ክፋል ናብ ሕዝቢ ደጊመን ብመጠኑ ኣመሓይሽን ወሲኽን ኤቕርቦ ኣሎኹ።

---------//////----------//////----------//////-------

ሙዚቃ ኣድማሳዊ ቋንቋ ኢዩ።ሙዚቃ ፍቕሩ ሓያል ኢዩ።ሙዚቃን ሙዚቀኛን ዚምድን'ኦም ከም ሥጋን ደምን ምኳኑ ብዙሓት ይዛረቡ'ዮም።ንሙዚቃ ጀሚሩ ዚገደፎ ሰብ ምርካቡ ኣጸጋሚ ኢዩ።ምናልባት ካብ መድረኽ ኪርሕቁ ይኽእሉ ኢዮም፣እንተኾነ ኣብ ቤቶም ወይ ንብሕቶም ጥንጥን ኣቢሎም ዚሓድጉ ምርካብ ቐሊል ዕዮ ኣይኮነን።ከምቲ ባዕሎም፡እቶም ከየንቲ "ሞት ጥራይ'ዩ ዚፈልየና" ዚብልዎ ሞት ጥራይ ኪፈዮም እናሻዕ ትዕዘብ ኢኻ።

"ሳክስፎን ክሳዕ ዚመውት ምሳይ ሓቢራ ኪትነብር ኢያ።ኣነ ዚፈትዎ ስራሕ ምስርሐይ ዕድለኛ ኢየ።" ብምባል እቲ ንልዕሊ 65 ዓመት ዚተፈላለዩ መሳርሒ ሙዚቃ ብፍላይ ኸኣ መሳርሒ ሙዚቃ ሳክስፎን ዚተጻወት በሃር በዓል-ሞያ ሙዚቃ ጌታቸው ሞኩሪያ'ዩ።ጌታቸው መኩርያ ካብ 1935-4 ሚያዝያ 2016 ዓ/ም/ፈ ብሕይወት ዝነበረ ባእታ ሙዚቃ'ዩ።

ገዲም ሥነ-ጥበበኛ ትኺቦ ወልደማሪያም ዓሚ ከም'ዚ ሕጂ እዋን፡ካብ'ዛ ዓለም ኣብ መበል '94' ዓመቶም (ገሊኦም ድማ ኣብ መበል 91 ዓመት ዕድሚ'ኦም ከም ዝዓረፉ ይሕብሩ'ዮም።) ዓቢይ ሥነ-ጥበበኛ ትኺቦ ወልደማርያም ብሞት ክሳዕ ዚፍለ'ዩ ፡(ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 2016 ዓ/ም/ፈ)-ኣብ ዓራቶም ኮይኖም ይደርፉ ምንባሮም፡ፍቕሪ ሙዚቃ ማዕረ ኽንደይ፡ኣብ ማዕሙቕ ባሕሪ ማህደር ልቦም ከም ዚሰፈረ የረዳ'ኣካ'ዩ።

ኣብ ጊዜ ኃይለሥላሴን ደግርን ኣቦይ ትኺቦ፡ካብ ምሒር ፍቕሪ ሙዚቃ፡ናብ ዚተፈላለያ ጉጅለ ሙዚቃ እናኸዱ፡"ኪደርፍ ዶ?" እናበሉ ትሕትና ዝተላበሶ መንፈስ ተደሪያም፣ ብልዑል ተምስጦ ይደርፉ ምንባሮም ዝምስክሩ ኣሎዉ'ዮም።

ኮምባይ ሰጉንዶ ዚተብሃለ ኣዚዩ ዉሩይ ኩባዊ ሥነ-ጥበበኛ ድማ፡ "ብሕይወተይ ክሳዕ ዘለኹ፡ካብ ሙዚቃ ዓለም ከቶ ኣይፍለይን'የ።" ይብል ነበረ።ከምቲ ዚበሎ ከኣ፡ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ካብ ሙዚቃ ዓለም ከይተፈለየ ንዕምሪ ሕይወቱ ሓሊፍዎ'ዩ።

እዚ ከም መእተዊ ዓሊመ ካብ በልኹ፡ኣብ ቐርኒ-ኣፍሪቃ ምስ ንኣገልግሎት መግዛእታዊ ሓይሊ ይኹን ምስ ሃገራዊ ወኒ ምብርባርን ተዛሚዱ፡ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ዚተኣታተወ ዘመናዊ ሙዚቃ፡ኣብ ሃገራት እኒ ኤርትራ፣ሱዳን፣ኣብ ኢትዮጵያ፣ታንዛኒያ፣ሶማሊያን ወዘተን ኣብ ሓጺር ዕምሪ ገዚፍ ለውጢ ኪመጽእን ብዙሓት ሃባርም ሙዚቀኛታትን ኪፈሪዩ ሪሒብ ዕድል ገይሩ'ዩ።

ካብ'ቶም ኣብ'ዚ ከባቢ ዚኣተዉ መሳርሒ ሙዚቃ፡-

ቫዮሊን፣ኣኮርዲዮን፣ማንዶሊን፣ጥሩምባ፣ሳክስፎን፣ኦርጋን፣ጊታርን ወዘተን ኣብ ሓጺር ግዜ፡ከም ኣጻብዕቲ ኢዶም ዚፈልጥወንን ዚመልኽወንን ተፈጢሮም'ዮም፡፡

ኣብ'ዛ መንቲ-ጽሕፍቲ፡ብዛዕባ ጊታር ኣተኾሮ ኪንገብር ኢና፡፡ብኤለትሪክ ትሰርሕ ጊታር ናብ ዕዳጋ ዓለም ካብ ትመጽእ ገና ሓደ ክፍለ-ዘመን እኳ ኣየቁጸረትን ኣላ፡፡

ከም'ቲ ንመሠንቆ ዘዛርብዋን ዚፈጥርዋን ከም እኒ የሕያ ኺያርን ኤልያስ መስመርን ኪጻወቱ ከለዉ፡ "እንሆ ንሙት ዜተንስ ጭራዋጣ፡ጀባእ ንብለኩም!!"-ቢሉ፡ ኣብ መደብ ደርፍታት ቐደም ኣማኑኤል ገብራይ ዚገልጾ፡፡

ከበሮ፡ኢደን ክሳዕ ማይ ዚሙዑግ ብምጽዋት ሰብ ዚዕብዳ ዝነበራ- ከም እኒ ንግሥቲ ኣረጋይ፣ ኣልማዝ ኣረጋይ፣ኣኽበረት፣ገርግስ፣ግደይን ዚኣመሰላ ደቂ ሰኒታ-ኪጻወታ ኮነ ኪጻወቱ ከለዉ፡ "መሬት ክሳዕ ዚነኩል፡ነዛ ከበሮ ኣየ ዚገብርዋ-ኣየ ዝግበርኣ ዚነበሩ!!" ይበሃል'ዩ- ኣብ ዉራያት ዚተፈላለዩ ኽፋላት ሕብረተሰባት ነዚ ዘደርዕ ርእይቶታት ብዙሕ ሳዕ ተሰሚዑ'ዩ፡፡

ንጊታር ከኣ፡ብኢድ ዚቐጸሩ ዘዛርብዋ ተፈጢሮም'ዮም፡፡ካብ'ዚ'ኦም ከም እኒ መምህር ተወልደ ረዳ፣ ተወልደ ኣብርሃ፣ተክለ ኣብርሃ፣ተኽለ ኣድሓኖም፣የማነ ባሪያ፣ረዘነ ሃብተ፣ሰላም ሰዩም፣ጀቫኒ ሪኮ፣ጸጋይ በራኺ፣ከበደ ደሞዝ፣ዳኒኤል ኣማንን ወዘተን ባዕልኹም ካብ ዓረብ-ሱዳን፣ኣምሓርኛ፣ትግራይትን ገለን ዚዘከርኽምዎም ባዕልኹም ወስኽሉ ኢኩም ክብል እፈቱ፡፡

ኣብ ጊታር፡ኣብ ዚተገብረ መጽናዕትን ምርምርን ከም-ዚሕብሮ ተኮይኑ፡ካብ 4 ክሳዕ 18 ዚ'ኣውታሩ ዚተፈላለየ ዓይነት ጊታር ከም-ዘሎ ይፍለጥ፡፡እተን ኣዝየን ግኑናት ከኣ፡እታ በዓል 4 ኣውታር ጊታር በይዝ እናተብሃለት ትጽዋዕን፣እታ በዓል 6 ከኣ ሊድ-ጊታር ዚብል መለለይ ኣለወን'ዩ፡፡

ካብ'ዞም ዘኺርና ጠቒስናዮም ዘለናን ካል'ኦትን-ኣብ ግምት ኣትዩ፡እቲ ዉሩይ ሙዚቀኛ፣ደራስን ዘያምን ኣክሊሉ ተስፋጽዮን ከም ተጻዋቲ ጊታር፣ ኣዚዩ ፍሉጥ እኳ ተኮነ፡ኣብ ዉድድር ኪኣቱ ዘይፈቱን ብዛዕባ ነፍሱ ምዝራብ ከም-ዘይፈቱን ብብዙሓት ዚፍለጥ ወከፍ፣ሓደ መዓልቲ ኣብ ተራ-ወግዒ ካብ'ዞም ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 70 ዝኸውን ዓመታት ንጊታር ዚመልካ ወይ ዚፈጥራ መን'ዩ ተባህሉ ተሓቲቱ ነይሩ'ዩ፡፡

ንሱ፡ኣብ ዕላሉ በይዝን ሊድን ኪወዳደር ከም-ዘይብሉ፡እንታይ ደኣ ንኣብነት በይዝ ዚጻወቱ ከም እኒ ጸጋይ በራኺ ምስ ከበደ ደሞዝ ወይ ምስ ጀቫኒ ሪኮ ወ.ዚ.ተ ከነወዳድር ይቐልል'ዩ፡፡ሰላም-ስዩም ናይ ብሓቂ ዓቢ ክእለት ዘለዎ ሰብ'ዩ ንዓይ፣ምኽኒያቱ መዳርግቲ ኣልቢ'ዩ'ዶ ክብለካ፡ጀቫኒ ድማ ቤይዚስት ስለ-ዚኮነ ምስ ሰላም ከወዳድሮ ኣይኽእልን'የ፡፡

ንሰላም ከኣ ምስ በዓል ዳኒኤል ኣማን መሰልቱን ኪወዳደሩ ኣለዎም እምበር በዓል 4 ኣውታር ምስ 6 ዚሓዘ ምውድዳሩ ግቡእ ኮይኑ ኣይስመዓኒን ክብል መብሪሂ ድሕሪ ምሃብ፡ኣብ በይዝ ጊታር ከኣ፡ጸጋይ በራኺ ዓቢ መቐይሮ ዝገበረ ምኺኑ ኣስሚርሉ'ዩ፡፡

ብዛዕባ ጊታርን ጽልዋኣን ኮነ ተጻወታን፡ኣብ'ዚ ክንሕጽሮ እሞ፡ንሎሚ ኣብ ጉዳይ ጸጋይ በራኺ፡ "በርቂ-ሓጋይ"- ገለ ኽንብል እፈቱ፡፡በሉ ናብኡ ከብለኹም ክቡራት ኣንበብቲ፡፡

ዓሚ (2017 ወርሒ ለካቲት) ብዛዕባ ጸጋይ በራኺ፡ኽልተ ክፋላት ኣቕሪበ ነይረ'የ፡፡ብዙሕ ርእይቶን ሓሳብን ኮነ ሕቶታት ኣልዒሉ፡ታሪኽ ጸጋይ ዚድርዓሉ ባብ ከም-ዚተርሓወ ኣፋፍኖት ተረኺብሉ'ዩ ዚብል እምንቶ ኣለኒ፡፡

ሳልሳይ፣ራብዓይን ሓምሻይ ኽፋል ቢለ ነቲ ጽሑፋት ክቕጽሎ ሓሳባትን ርእይቶን ኣውሕዝኹምለይ ኢኹም፤እንተኮነ ገለ-ገለ ሰባት እቲ ጽሑፋት ብስሞም ከም ዚተጻሕፈ ኣምሲሎም ይኹን ዝኮነ ይኹን

ምንጪ ከይጠቐሱ፡ኣብ መደበር ማሕበራዊ መራኽቦ ለጢፎም፣ከም ናቶም ጽሑፍ ነቲ ርእይቶታት ይቕበልዎ ብምንባሮም፡ርእይቶታት ከም ትጽቢትና ኮነ ከም ዊንታና፡ኣብቲ መጀመርታ መቃን ጊዜ ኪንረኽብ ኣይከኣልናን፡፡

ነቲ ገለ-ገለ ሰባት፡ኣብ ዉልቓዊ ገጻቶም ገይሮም ኮነ ኣብ ገለ ጉጅለታት ዚሰራጨው ዚነበረ ርእይቶታትትን ሓሳባትን፡ዚተዓዘቡ መቕርበይ ድሕሪ ጊዜ ሓቢሮሙኒ'ዮም፡፡ነዚ ድማ ከነማኽሎ ወይ ከማኽልዎ፡ነቲ ርእይቶታት ዓሊምና ተሓተትናዮም ምላሽ-መን ክህበ'ና እሞ ግና ዕላማና ታሪኽ ጸጋይ ዋላ ብጭልፋ ተኮነ ናብ ሕዝቢ ንምቕራብ ብምንባሩ፡ዕላማና ኣገዲሱና፡ፍረ ዕላማና ግብረ-መልሲ ኣንበብቲ በቲ ኮነ በቲ ኣዕጊቡና'ዩ፡፡ግን ድማ ምንጪ ምግላጽ ስልጡን ባህልን ንቡር'ዩ፡፡

ብዚተፈላለየ ምኽኒያት እቲ ግብረ-መልሲ ተደንጎየ'ኳ፡ጊዜ ሓሊዩ ዕድመን ጥዕናን ተሂቡና፡እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ሓበሬታ፡ናብ ኣንበብቲ ከም ሻሙ ከም ዚቐርብ ኺሕብር እፈቱ፡፡

እምበኣር ብድሕሪ ቐዳማይን ካልኣይን ክፋላት ናባኩም ኽቡራት ኣንበብቲ ምብጽሓይ፡ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ንዘለዉ ግዱሳት ጸሓፍቲ፣ጋዜጠኛታት፣ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ዳግማይ፡ኣብ ምሕታት ተጸሚደ ጸኒሐ'የ፡፡እንሆ ከኣ፡ኣብ ካብ ከብሒ ማህደር ታሪኽ ጸጋይ፡ቢሎም ካብ ዚሰደዱለይ ጋዜጠኛታት ድማ ብሕጽር ዚበለ መገዲ ነዛ ትስዕብ ጹማኽ ትሕዝቶ ትመስል፦

"ድምጻውን ሙዚቀኛን ጸጋይ በራኺ፡ ኣብ 1961ዓ.ም እዩ ኣብ ማይ ተመናይ ተወሊዱን ኣብኡ ዓብዩን፡፡

ካብ'ቶም ኣቶ በራኺ ተኽለን ወ/ሮ ትዕበ ኣርኣያን ዝወለድዎም ሓሙሽተ ደቂ፡ መበል ራብዓይ እዩ ኔሩ፡፡ ጸጋይ፡ ገና ተማሃራይ መባእታ ከሎ'ዩ ሃርሞኒካ (ፋምፋም) መሊኹ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ድምጻውያን ደርፍታት ክደግም ጀሚሩ፡፡ ተማሃራይ ማእከላይ ደረጃ ምስ ኮነ ድማ፡ ጎድኒ-ጎድኒ ትምህርቱ መሳርሒታት ሙዚቃ ክምሃር ጀሚሩ፡፡ ኣብ 1978 (ወዲ 17 ዓመት ከሎ ማለት'ዩ) ምስ ሳባ ባንድ ተጸንቢሩ፡፡

ሳባ ባንድ ብኣላይነት ፍስሃየ ኣረጋይ ትካየድ ዝነበረት ኮይና፣ ከም በዓል በላይ፡ ብርሃነ ገ/ሄር፡ የማነ ኪዳነ፡ ተኽለ፡ ዝነበርዋ ጉጅለ ባህሊ እያ፡፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ኣምባሳደር ሆቴል፡ ፒካዲሊን ብሉ ናይልን ድማ ትጸወት ነበረት፡፡ ጸጋይ መጀመርታ ድምጻውን ተጸዋታይ ሊድ ጊታርን እዩ ኔሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ 70ታት ብሰንኪ መስርሓት ሳንሱር ናይ ትግርኛ ካሴት ዳርጋ ኣይሕተምን እዩ ኔሩ፡፡ ጸጋይ ድማ ኣብ 1982 እዩ ቀዳመይቲ ካሴቱ ብቦክስ ጊታር ኣሕቲምዋ፡፡ ኣብ'ታ ካሴት ከም "ብንብዓተይ ተኣረማ፣ ጸሓይና በሪቓ፣ ማይ እናሃረመ" ዝብላ ፍትዋት ደርፍታት ኔሪናኦ፡፡ ብኡ ንብኡ ድማ ስሙ ሰማይ ተሰቕለ፡፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት - 1983 እውን ካልኣይቲ ካሴቱ ኣሕቲሙ፡፡

"ራህዋ፡ ከሰል ተኸዲኑ ገጸይ፡ ሓደራ-ሓደራ" ዝብላ ደርፍታቱ ከኣ፡ ኣብ ትዝታዊ ደርፍታት ንዘለዎ ዓቕሚ ዝኾልዓ ነበራ፡፡ ካብ ሊድ ናብ ቦክስ ጊታር ዝተሰጋገረ ጸጋይ፣ ብድሕሪ ካልኣይቲ ካሴቱ ናብ ኣዲስ ኣበባ እዩ ኣምሪሑ፡፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ፡ ኣብ ደርፍታት ትግርኛ ዳርጋ በይኑ'ዩ በይዝ ጊታር ዝጸወት ኔሩ፡፡

ነቶም ብሊድ ጊታርን ቦክስ ጊታርን ዝፈልጥዎ ከኣ፡ ሓድሽ ቅዲ ናይ በይዝ ሒዙ ምስ መጽኦም፡ መወዳድርቲ ዘይብሉ በይዝታ ጌሮም ቄጸርዎ፡፡ ኣብ 1988 ምሉእ መሳርሒ ሙዚቃ ተጠቂሙ ሳልሰይቲ ካሴቱ ኣሕቲሙ፡፡

ኣብ'ታ ካሴት "ሞት ርግምቲ፡ ናይ ወዲ ሰብ መቕዘፍቲ፡ ቄጸራ ዘይብላ ብቐትሪ ብለይቲ" ትብል ህብብቲ ደርፊ ኣላቶ፡፡ ገና እታ ካሴት ከይተዘርግሐት ከኣ፡ ቄጸራ ዘይብላ ሞት ወሲዳቶ፡፡ ውዕይን ሕዉስን ምንባሩ ዝንገረሉ ጸጋይ በራኺ፡ ባዕሉ'ዩ ነቶም ኣስቄርቄርቲ ደርፍታቱ ግጥምን ዜማን ዝሰርሓሎም ኔሩ፡፡"

ኣብ'ዛ ጽማቹ ሓጻር ሓበሬታ ንግዚኡ ኢሂን-ምሂን ኪንበሃሃለላ ንቐንይ ክብል እረድይ። ኽቡራት ኣንበብትን ኣድነቐት ጸጋይ በራኺን ዝኾንኩም ድማ፡ኣብቲ ዚቕጽል ኺንውስከሉን ኪንቕንሰሉን ዘሎ ነገራት ተሃሊዩ፡ብ'ኣብዝሓ ድምጸ ርእይቶን ሓበሬታን ኪንውሰን ኢና።ምኽኒያቱ፡ታሪኽ ቐጻልን ዘይሕለልን መጽናዕትን ምርምርን ዜድልዮ ዓውደ ስነ-ፍልጠት ብምኺኑ ኢዩ።

ንሕጂ ግና፡ብመሰረት ኣብ ዚሓለፈ ዚኣተኽዎ ቓል፡ኣብ ልዕሊ ጸጋይ በራኺ ርእይቶ ንዝሓቡኒ ንገሊኡ መሪጸ ከቕርበልኹም ኢየ።

ተጻዋተይ ኩዕሶ እግሪ ኤፍረም በይን፡

"...ኣብቲ ትቪ ዚተመሓላለፈ ሓጺር ታሪኽ ጸጋይ በራኺ፡...እዋእ ጓል ፐራዲዞ ልያ ኣምጺኦማ ነይሮም፣ታሪኹ ገሪሙኒ ኢዩ።ብጣዕሚ'ዩ ከም ገለ ዚገበረኒ።ደርፍታቱ፡በቓ ፍሉይ'ዩ።ከም'ኡ ደራፋይ ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓኒን ኢዩ፡ንብዓት'ዩ ዚስዕረኒ፡ናቱ ደርፍታት ተሰሚዔ፡ፍሉይ ደራፋይ ኢዩ።መንግሰተ ሰማይ የዋርሰ!"

ርግ'ኣት ሓድሽ፡

"ጸጋይ በራኺ፡ዜማታቱ ኣዚዮም ብሉጻት ኢዮም።"

ድምጻዊ ኣብራሃም ተወልደ፡

"ኦ.....ኦ..... ናይ ብሓቂ ናይ ለውጢ ሰብ ኢዩ።ብፍላይ ኣብ ዜማታቱ ፍሉይ ክብሪ ኣለኒ።ብሓፈሻ፡ኣብቲ ግዜ እቲ ዚነበሩ ደርፍቲ፡ኣብ ዘመናውነቶም ፍሉይ ኽብሪ ኣለኒ።"

ወሓዚት ከኣ፡

"ልያን ጸጋይን ዛንት'ኦም ዳርጋ ናይ ሮምዮን ጁሌትን ኮይኑ ይስመዓኒ።ነዚ ናይ ሕጂ ጅምር ግድፍ ንርእዮ ዘለና ኣፍቐርቲ ሪኢካ፡ ብዛዕባ ሓደ ሕዝቢ ንዛረብ ከም ዘለና'ውን የጠራጥረካ ኢዩ።እቲ ግዜ 'ቲ ንኣፍቀርቲ ቐሊል ኣይነበረን፣ሰብ ከይርእየካ ካብ ስድራኻ ኣመኽኒካ ኪትወጽእ ወዘተ፡ነዚ ፍቕሪ የሐይሎ ነይሩ ኢለ ኢየ ዚኣምን።ልያ፡ተምሃሮኣ ኣዚዮም የፍቕርዋ ስለዚነበሩ፡ኣዴታቶም ክሓምያ ከለዋ ብዛዕባ ርኽባ ምስ ጸጋይ ዚነበራ፡ከይዶም የብጹሑላ ኔሮም ኢዮም።"

ወይናረግ ኣር'ኣያ ካብ ጀርመር ከኣ፡

"ኣነ ኣዝየ ኢዩ ዚምሰጠኒ ደስ ዘብለኒ ታርክ ሂወት ንክፈልጥ ብፈላይ ድማ ናይ ከም ጸጋይ በራኺ ንፉዕ ደራፍይ፣ ሙዚቅኛን ደራሲን ኮታ ኩሉ ብፉልይ እኳኒ ኣዚየ ዜድንቆ ንነፍሲሂር ጸጋይ በራኺ፡ ኣብ ደርፉ ንኣደ ጸብቕ ጌሩ ሰለዘገልጻ፡ ኣዚ'የ ዘድንቆ።"

ሩት ኣለምሰገድ ብወገና ከኣ፡

"ኣዚየ ዚፈትዎ፡ጸጋይ በራኺ ብጣዕሚ ደስ ዝብል ሰብ ኢዩ ነይሩ፣ምማቱ ምስ ሰማዕኹ መሪር ሓዘን ተሰሚዑኒ፡ኣብ ቤት ትምህርቲ ስላም ኢየ ዚፈልጦ፡ወዲ ማይ ተመናይ፡ሊያ ትበሃል ሓቐኛ፡ዘቕንእ ፍቕሪ ከም ዚነበሮም እፈልጥ።

ንሱ፡ኺመውት ከሎ፡ኣነ ገና ኣብ ጀርመን 3 ወርሒ ኢየ ገረ ነይረ፣ንሱ ከይ'ኣኽል ከኣ፡ልያ ብድሕሪኡ ከም-ዚሞተት ሰሚዔ ማራ፡ማራ የሕዝኑካ።ዓለም ትሽዓተ ኢሎማ ናይ ብሓቂ ሙዚቃ ናቱ ማራ ኢዩ ዚፍቶ፡ኣይምነውን ኢዩ።"

ድምጻዊ ኣብራሃም ባይረ ወዲ ባይረ፡

ቕድሚ ምሚቱ ሓደ ዓመት ኣብ ዘካየድናዮ ወግዕታት ኸኣ፡ “ኣነ ካብ ዜድንቆም ደረፍቲ፡ሓደ ነፍስሔር ጸጋይ በራኺ’ዩ፡፡ጸጋይ፡ኣባል ብሉ-ባንድ ዚነበረን ኣብ ኣሥመራ መማህርተን’ዩ ነይሩ፡፡ኣብ መዚቃ፡ብዙሕ’ዩ ሚሂሩኒ፡፡ጸጋይ፡ርህሩህ’ዩ ነይሩ፡፡ንዘለዎ ፍልጠት መዚቃ ከይበቐቐ፡ንሰባት ዚነግርን ዘምህር’ዩ ነይሩ፡፡ኪራር፣ጊታርን ፋምፋምን ዚመሃረኒ ባዕሉ ጸጋይ’ዩ፡፡

ጸጋይ፡ንባዕሉ መዚቃ’ዩ፡፡እዚኣ ከምዚ ኢያ፣እዚኣ ከምዚ ኢያ እናበለ፡ንፍልጠት ዚደለየ ሰብ ዘርእየን ዚምህርን ነበረ፡፡ኣዝየ ዚፈትዎ ሰብ’ዩ፡፡ኣዕሩኽ ኢና ነይርና፡ካብ ቤት ትምህርቲ ኣትሒዝና፡፡ኣነ ጊታር ኪሕዝ ከለኩ፡ኢደይ ማይ እናማዓጎ የሸግረኒ ነይሩ፡፡ለዋህን ምስኺን ጸጋይ፡ንኢደይ ብኢዱ ገይሩ እናደገፈ፡ከይተሓለለ የምህረኒ ነይሩ፡፡ኮታ ንዓይ፡ ኣብ ሕይወተይ ኣብነታዊ ሰብ’ዩ፡፡ስጋብ ሕጂ ብሕይወተይ ተዚሕሉ ነይሩ፣ኣብ መዚቃ ዓለም ኺንደይ ኪሰርሕ ዚክእል በዓል ዓቢ ክእለትን ዓቢ ስነ ጥበባዊ’ዩ ጸጋይ፡፡” ክብል ኣብ ልዕሊ ጸጋይ ዘለዎ ርእይቶን ተዘኽሮን ሂቡ ነይሩ ኢዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ንሎሚ እታ ቕድሚ 40 ዓመት ዳርጋ ይገብር ነፍስሔር ጸጋይ በራኺ ዚደረፋን ደሓር ዜሐደሳን፡ወዲ ባይረ፡ድሕሪ “ኣደይ” ትብል ደርፊ ጸጋይ፡ ሚሒር ዚፈትዋ ዚነበረ፡ ደርፊ “እንታይ’ዩ ረኺብዋ?” ትብል ኢያ፡፡በሉ ግጥማ ናባኹም ከብላ፡ ተዘኽሮኹም ብዛዕባ እዛ ግጥምን ዜማን ገለ ኪትብሉና ተስፋ ይገብር፡፡

እንታይ’ዩ ረኺብዋ?
==========

እንታይ’ዩ ረኺብዋ፡ከይድኩም ጠይቕዋ፣
ሕማም እንተኮይኑ ፈውሲ ክትህብዋ፡፡

ተመኺራ ዲያ ወይስ ተመኒዩዋ፡ወይስ ተመኒዩዋ?
ተመኺራ ዲያ ወይስ ተመኒዩዋ፡ወይስ ተመኒዩዋ?

እንታይ’ዩ ረኺብዋ? ከይድኹም ጠይቕዋ፣
ሕማም እንተኮይኑ፡ ፈውሲ ክትህብዋ፡፡

ተመኺራ ዲያ ወይስ ተመኒዩዋ፡ወይስ ተመኒዩዋ?

ተመኺራ ዲያ ወይስ ተመኒዩዋ፡ወይስ ተመኒዩዋ?

ዘይተማኽሪኒ፡ እንታይ ኢኪ ሰሚዕኺለይ?

እንዳ ፈራሕኽዎ፡ ካባኺ ኽፍለይ፡፡

ኣንቢዕኺኒ ከይድኪ መሪር’ዩ ዕድለይ፣
ይኣምን’የ ግን፡ ከምዘይትጭኽንለይ፡፡

ኹሉ ተዓዝብኪ፡ምኽሪ ሓሶቶም፣
ኣነስ ኣይርሕቐክን፡ ክርእይ ውድቐቶም፡፡

ፍቕርና ክጸንዕ፡ ክፈስስ ሓሞቶም፣
ስለዚ ሓደራ፡ ሓፍተይ ነጋህዶም፣

ስለዚ ሓደራ፡ሓፍተይ ነጋህዶም፡፡

ንኽልተ ፍቑራት፡ዘእትውሎም ህውኸት
ንኽልተ ፍቑራት፡ዘእትውሎም ህውኸት፡፡

ከምኡ ዘይረከቡ፡ ሓሳውቲ ቀናኣት፡ሓሰውቲ
ቐናኣት፡፡

ኣዋልድ ሃገረይ፡ ብንዓተይ ተኣረማ፣
ኣዋልድ ሃገረይ፡ ብንዓተይ ተኣረማ፡፡

ኣፎም መዓር'ዩ፡ ልቦም በሊሕ ላማ፣
ኣፎም መዓር'ዩ፡ ልቦም በሊሕ ላማ፡፡

መልሓሶም ዘየዕርፍ፡ካብትን ናብትን ዝብሉ፣
ዓይኖም ዘይኽእለሎም፡ብሓሶት ዝምሕሉ፡፡

ደጊም ሰብ ነይመርጽ፡የለን ዝኣምነሉ፣
ንሕና ኣይንፈላለ፡ማዕረግ ንርእየሉ፡፡

ኩሉ ተዓዚብኪ፡ ምኽሪ ሓሶቶም
ኣነሲ ኣይርሕቐክን ኽርእይ ውድቐቶም፡፡

ፍቕርና ክጸንዕ፡ ኽፈስስ ሓሞቶም
ስለዚ ሓደራ፡ ሓፍተይ ነጋልጸም፡፡

==========

"ስነ-ጥበበኛ ጸጋይ በራኺ ኩለንትናዊ 'ጠቢብ' ምንባሩ ከረጋግጽ ዝሓግዝኹምኒ ኤመስግነኩም፡፡"
==========
#ሥነ-ጥበበኛ ዳዊት ሰሎሙን፣
#ሥነ ጥበበኛ ዳኒኤል ኣማን
#ቤተ-ሰብ ጸጋይ ኣልማዝ፣
#ዘመድ ጸጋይ በራኺ እንዳ ኣቶ ገብረየሱስ ምስ በዓልቲ ቤቶም፣
#ዳኒ'ኤል ገዛ'ኢ Daneal Gezai ወ.ዘ.ተ

ካብ'ቶም ናይ ዓይኒ መሰካኽርን ካብ ጭቡጥ ምስኽርን ተበጊስኩም፣ነብሲሔር ጸጋይ በራኺ ኪንዮ ግጥሚ ምግጣም፣ዜማ ምዝያም፣መሳርሒ ሙዚቓ ምጽዋትን ምምላኽን ኮነ ምቕንባርን-ኣብ ሥነ-ስእሊ ወ ስእልን ዝነበሮ ክእለትን ዕልን ምስኽርነትኹም ስለ ዝሃብኹምኒ ኣዚየ ኤመስግነኩም፡፡



ጸጋይ በራኺ፡ኣብ ማይ-ተመናይ ዝነበረ መንበራ-ቤቶም፣ኣብ መንደቕ ዝነበረ ስእሊ Daneal Gezai ሓወይ ኮነ ቤተሰቡ ምስኽርነትኩም ረዚን'ዩ፡፡

እቶም ገሊየኩም ኽኣ፡ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮተቤ ከባቢ ዝነበረ መንበሪ ቤት ዓቢ ሓው መስፉን በራኺ- ንጸጋይ በራኺ ዝነበረ ስእልን፣ኣብ እንዳ ኣዝማዶም ዝነበረን ኣሣእል ብምሕባርኩም ምስጋናይ ኤውሕዘልኩም፡፡

ሥነ-ጥበበኛ ዳዊት ይፍሩ፣ጆቫኒ ሪኮ፣ሰላም ስዩምን ካልኦት ኣባላት ሮሃ-ባንድ ዝነበርኩም ኮነ ንጸጋይ በራኺ ትፈልጥዎ- የዕርኽቱን መቕርቡን ዝንበርኩም ኩሉኹም መመሊስ ከመስግነኩም'የ፡፡

ስነ-ጥበበኛ ታረቐ ተስፋሕይወት፣ከበደ ደሞዝ፣ይልማ ገብረ'ኣብ፣ይሳᎸ ባንጃው፣ባህታ ገብረሕይወትን ካል'ኦት ከኣ ንስለ ሓገዝኩም Ꮏብረት ይሃብኩም ክብል እፈቱ።

ናይ ሎሚ Ꮎንዲ ምስጋናይ ግና ንዳኒ ሓወይ እዩ።

"ጸጋይ በራᎿ እኮ ኩለመዳያዊ ከያኒ እዩ።እዚ ግና ብዙሕ ሰብ ኣይፈልጦን እዩ።እቶም ጸሓፍንት ጋዜጠኛታትን ነዚ በርቢሮም ናብ ሕዝቢ ከብጽሕዎ ኣለዎም።እምበር ፉሉይ ከያኒ እዩ ነይሩ።ባህሪኡ እኮ ልዕለይ ትፈልጦ ኢᎿ ዝብል ግምት ኣለኒ።ብዙሕ ዘይተዘርበሉ ከያኒ እዩ ጸጋይ ማለት!" ዓሚ ብዛዕባ ጸጋይ በራᎿ ኣድሂቡ፡ንከያኒ ዳዊት ሰሎሞን ምስ ሓተትᎿዎ ዝሃበኒ መልሲ'ዩ።"-Ꮎድሚ 5 ዓመት ናብ ኣንበብቲ ኣብ ማሕበራዊ መራᎿቦ ጸሓፊ እዚ ጽሑፍ ኣስፊርዎ ካብ ዝነበረ ዝተመርጸ እዩ።

"ለዋህ ወላዲተይ
==========
ለዋህ ወላዲተይ ኣባዲት ገዛና፣
ደቃ ዘይተዳሉ ማዕረ ንᎿልና፣
ንኡስ ኮነ ዓቢ ማዕረ ትርእየና።

ወፊረ ክምለስ ንገዛ ክኣቱ፣
እንታይ ኮን ረከቦ ክትብል ኣብ መንገዱ፣
ክትጭነᎿ ክትሓስብ ልባ ብድፉኑ፣
ምርሕሓᎿ ኮይኑ ወሉድ ምስ ወላዱ::

ንበይና ተረፈት ኣብ ኣፍ-ደገ ገዛ፣
ምፍልላይ ኮይኑ እቲ ዓቢ Ꮎንዛ፣
ተፈሊᎿ ፈልይ ዘይብላ ምኣዛ፣
ምዓልታ ኣᎿሉ ኪመለሳ ገዛ።

ለዋህ ወላዲተይ ኣባዲት ገዛና፣
ደቃ ዘይተዳሉ ማዕረ ንᎿልና፣
ንኡስ ኮነ ዓቢ ሓደ ትርእየና።

ካብ ንኡስ ካብ ዓቢ ምጭዋት የሕዋተይ፣
ገና ብንኡሰይ ተፈልየ ካብ ቤተይ፣
ንበይነይ ክነብር ርሒᎾ ስደተይ፣
ናፍᎾት ኣለኒ ኣደይ ወላዲታይ።

ደቂ ኣቦይ በራᎿ ብሓደ ሓቢሮም ዝተሳእልዎ'ዩ።

ድᎾስ ከሊኡኒ መልክዕᎿ እናመጸ፣
ይርእየኪ ዶ ኮን ኣነስ ተሃዊፀ፣
ኣዳይ ዶ ኪብለኪ ኣይከድኩን Ꮎቢጸ
ከርሕሶ ልበኪ ፊጹም ዝነᎾጸ።

ኮቶ ዘይምነዋ ሰሓᎾ ምስ ጸወታ፣
ሰናይ ኮነ ሓዘን ፍጹም ዘይሕርብታ፣
ኣባዲት ገዛና ዘይብላ መሰታ፣
ይርእየኪ ዶᎾን ይᎾውን አደይ ንምሸታ::"-ድምጻዊ ነፍስሄር ጸጋይ በራᎿ

“#ምስ በዓል-ሃበባ ሙዚቀኛ ጊታሪስት ዳኒኤል ኣማን፡ኣብ እንዳ ድምጻ'ውን ወናኒ ቤት-መግቢ ኩን-ሽባን እምብዛ ስብሓትለ-ኣብ ዝተሳእለ ቕላዕ ስእሊ'ዩ፡፡

ዳኒ ሓወይ፡ንስኻ ኣብ ታሪኽ ሙዚቃ ዓቢ እጃምን ዉዕለትን ዝወዓልካን ደርማስ ኣበርክቶ ዝገበርካ ወከፍ ምኳንካ ታሪኽ ዝመስኽሮ'ዩ፡፡ሳላኻን ሳላኹምን መቐረት ሙዚቃ ትግርኛ ዓዚዙ'ዩ፡፡ሳላኻን ሳላኹም ብርክት ዝበሉ ካሴታት ወይ ኣልበማት ዕዳጋን ዝናን ክጓናጸፉ ኣብ መቃን ዘመንና ብዓይኑ-ሥጋና ርኢናን ሰሚዕናን ኢና፡፡

#ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ብሥልኪ ጥራሕ ክንራኸብ ብምጽናሕና፡ፍቃድ ኣምላኽ ኮይኑ እንሆ ብኣካል ተራኺብና ኣለና፡፡ኣብ ጉዳይ ጸጋይ በራኺ፡ኪሮስ ኣለማዮ፡ተኽለ ተስፋዝጊን ወዘተ ወዘተ ዝሃብኻና ምስኽርነትን ኩነ ኣብ ጉዳይ ጉዕዞ ሙዚቃዊ ሕይወትክን ተመኽሮታትካን፣ብልዙብን ብካባ ትሕትና ዝልለይ ኣዘራርባካን ኣውሲካልና ኢኻ፡፡

ኣብ ቐረባ መዓልታት ድማ ብዝበለጸን ብዝሓሸን ሣውያ ናብ ህዝቢ ክንዝርግሖ ተስፋ እገብር፡፡

#ወንኒ ማእከል ምዝንጋዕን ቤት መግብን ኩን ሽባ ዋሽንግቶን ድማ ንትገብረልና ሰናይ ምትሕብባር ብልቢ ኤመሥግን እፈቱ፡፡ንመምህርናን ኣያናን ሓጎስ ፍስሃ ድማ ብሕልናኻ፣ብሕልዮትካ፣ ገንዘብኻን ንዋትካ ትገብሮ ዕዙዝ ኣበርኽቶ እዩ፤እሞ ደኣ ሞሣኻ ካብ ኣምላክ ርኸቦ እብል፡፡”-30 መጋቢት 2020 ዓ/ም/ፈ

“ተዘክሮታት ደቂ እምባጋልያኖ! ናይ ዝኾነ ወዲ/ንል እናባጋልያኖ ትዝክርዎ ሕክያ ወይ መስሓቕ ትብልዎ ስደዱልና ፖስት ክንገብሮ፡፡ ወይ ፖስት ግበርዎ፡፡

ካብ'ዚ ብምቕጻል ደቂ እምባጋልያኖን እቶም ዝሓለፉን ዘለዉን ዕባይ እምባጋልያኑ ኣስማቶም እናጠቐስና ክንዝክሮም ሓሳባት ብዙሓት ኮይኑ ስለ ዝረኸብናዮ፡ ትዝክርዎም ወይ ዝብልዎ ዝነበሩ ኣጋጣሚታትን ዋዛን ደቂ እምባጋልያኖ ወስ ኣብሉ ዝኽርታቶም ምእንቲ ከይሃስስ፡፡ ገለ ካብ ዝኽርታት ደቂ እምባጋልያኖ ክንጽሕፎ ዝሓተቱና ከነቕርበልኩም፡፡

ተስፎም (ተስፎማይ) ዘይፈልጦ ወዲ አምባጋልያኖ መቸም የለን፡፡ ተስፎማይ ንፉዕን ወናምን ዘያማይን ደራፋይን ገጣምን ካቡኡ ሓሊፉውን ዘማታትን ግጥምታትን ንጸጋይ በራኺ ይህቦ ከምዝነበረስ ትፈልጡ'ዶ? ማይ እንዳሃረመ፡ኣፎም መዓር እዩ፡ ዝብላ ዘማታት ናይ ተስፎማይ ዘማን ግጥምን ከምዝነበራሞ ጸጋይ በራኺ ኣመሓይሹ ከምዝደረፈን ዉሑዳት ሰባት እዮም ዝፈልጡ ፡፡ ተስፎማይ ምስ ሳባ ባንድ ከምደራፋይ ይጻወት ምንባሩ ዉን ኣይትርስዕዎን ትኾኑ፡፡

ተስፎማይ ናይ ምድራፍን ቀልጢፉ ግጥምን ዘማን ኣወሃሂዱ ክደርፍ ዝኽእል ፉሉይ ተውህቦ ዘለዎ ወዲ አምባጋልያኖ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ተስፎማይ ብሰንኪ ሓደ ሓደ ምኽንያት ከምቲ ዝድለ ክቕጽል ኣዩከኣለን፡፡ ተስፎማይ ብ ዋዛን ላዛን ዉን ፍሉጥ ተዋዛያይ አዩ ነሩ፡፡ ሓደ እዋን ካብ ገዛ ከንሻ ተሰጉጉ ትምህርት ቤት ባርካ ትምህርቱ ይጅምር እሞ በቲ ዋዒኡን ንእስነቱን ሕጂ ውን ናይ ኣምሓርኛ መምህር ኣብ ክፍሊ ክምህር ይጅምር እሞ፡ ተስፎማይ ናይ ንእስነት ነገር ጠዓዚሙ ይመጽእ፡፡

ደሓር ትኽ ኢሉ ኣብድሕሪት ቦታ ረኹቡ ኮፍ ምስ በለ ስሪኡ ፈቲሑ ኣብ ማእከል ክፍሊ ይሸይን ፡ወዮ መምህር ትምህርቱ ይቕጽል ኣብ መንጎ ግን ብድሕሪት ተማሃሮ ብሓንሳብ ትዋሕ ኢሎም ክስሕቑ ይጅምሩ፡

ናይ ኣምሃርኛ መምህር ደንጹዎ እንታይ ተረኽበ ይብሎም እሞ ኩሎም ተማሃሮ ኣጽቅጥ የብሉ ፡ ተስፎማይ ኢዱ ኣልዒሉ "ኣስተማሪ ዝናብ ዘነበ" ይብሎ መሊሶም ብሳሓቕ ጫውጫው ይብሉ፡፡

መምህር ንድሕሪ መጺኡ እንተረኣየስ ተስፎማይ ኣይግዳዱ ነታ መረት ብሽንቲ ጭቃ ገርዋዩ ዝናብ ዘነበ ዝበሎ፡፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ምስ ተሰጎ ግን ዓቢ ዕማም እዩ ዓሚሙ ተስፎማይ፡፡ መንእሰያት ወዲቡ ንሜዳ ክልእኽ ይጅምር፡፡ ደቂ ማይ ተመናይ ዉን መብዛሕተኦም ወዲቡ ንመዳ ከምዝላኣኾም ኣይርሳዕን፡፡ ጸጋይ በራኺ ቀንዲ ዓርኪ ተስፎማይ ምንባሩን ተሓባቢሮም ግጥምን ዜማን ይሰርሑ ምንባሮም እውን ይዝከር፡፡ እዚ ዘኾረብናልኩም ብዉሕዱ እዩ ኣብዝኾጽል ኣስፊሕና ከነኾርበልኩም ኢና፡፡

ክንርስዕም ዘይብልና ብዙሓት ኣለዉ ከምበዓል እንዳ ቦተነ፥ እንዳ ጀራጂ፥ እንዳካንዘን.,,,, እንዳ ድኳናት ድማ ዘዕበዩና ካራመለ ችቸሮ ሞኾሽሽ እናሃቡ ከምበዓል፡ እንዳ ኣቦይ ተስፋሚካአል ድኳን፥ እንዳ ሸኽና፥ እንዳቦይ መድሃነ፥ እንዳ ተኽሉ፥ እንዳ ኣልጋነሽ ድኳን፥ እንዳ ሓድሽ ድኳን.....ዝተረፈ መልእዎ ንመዘኻከሪ..... ብዛዕባ ቦሌ ፥ኣንተንዮ፥ ኣቦይ ሃብተ ቀበሉ፥ ሓጎስ ቆባዕ፥ ብዙሓት ኣለው ከይረሳዕና ክንዝክሮምን መዘከርታት ደቂ እምባጋልያኖ በጃኻትኩም ስደዱልና ጋንታታት ዝነበራ ኣይንረስዕ.....ይኾጽል"-እዚ ጽሑፍ እዚ ብዕለት 27 ግንቦት 2015 ዓ/ም/ፈ፡ብደቂ እምባጋልያኖ ዝተብሃለ ሰብ- ኣብ ዝብል ገጽ ማሕበራዊ መራኽቦ ዝተለጠፈ'ዩ፡፡

ሽዑ ጊዜ ብዙሕ ርእይቶታትን ሕቶታትን ዉሒዝሉ ኢዩ ንጸሓፊ እዚ ጽሑፍ ግን ምላሽ ክህብ ኣይተዓዘብኹን፡፡ኣነ እውን ብሕጓን ብኾሉዕን እዚ ዝስዕብ ርእይቶታትን ሕቶታትን ሂበ ነይረ ግን ምላሽ ኣይሃበሉን ኣሎ ክሳዕ እዛ ዕለት እዚኣ-ስለዚ ብድሕሪኡ ዘጻረክዎን ተስፎማይ ብቃል ኣፉ ዝዛረቦ ዝነበረን ኣብ ዝኾጽል ምስ ካልኣይ ክፉሉ ከተሓሕዞ ክፍትን'ዩ፡፡

Abraham Ber-Ber

ዝኸብርካን ዝከብርኹምን ብዛዕባ ጸጋይ በራኺ ክፈልጥ ሚሒር ዝብህግን ሒለት ዝብልን ወከፍ'ዩ፡፡እዚ ምስ ኣንበብኩ ደስ ኢሉኒ ግና ንገሊኡ መርትዖ ወይ መደገፍታ ምስ ደለኩሉ ነይረ፡፡ኣብነት ግጥምታት "ኣፎም መዓርዩ" ኹነ "ማይ እናሃረመ" ዝብል ደርፍታቱ ናይ ተስፎማይ ከም-ዝኮና ይንገረና ኣሎ፡፡

ከም ተኽእሎ ኽከውን ይኽእል እዩ እዚ ግን መርትዖን ምስኽርነትን ተተረኺብዎ'ዩ ክረዓም ዝኽእል፡፡ኣነ ከም ኣነ ክሕቶ ዝደልይ ግና መዓስ እዩ ገጢምወን መን ይፈልጥ ንጸጋይ ተስፎማይ ከም-ዝሃቦ ዝብል ክምለስ ተዝፍትን ክንደይ ምስ ጸበቐ ነይሩ እዩ እብል፡፡እምበር ክእረም ዝግብ'ኦ ክእረም ንቡር'ዩ፡፡

ኣነ ተስፎም ዝበሃል ናይ ማሕረሮ ዓርኪ ከምዚነብሮ ካብ ክልተ ሰባት ጥራሕ'የ ሰሚዐ ኣብ'ዚ ኸኣ ኣንቢበ እየ፡፡

ንልዕሊ 200 ሰባት ኣብ ዉሽጢ ክልተ ዓመት ሓቲተ ነይረ (ኾድሚ 5 ዓመት ዝተውሃበ ርእይቶ'ዩ)፡፡እቶም ገሊኦም ኣዚዮም ዝፈልጥዎን መሳርሕቱን ደቂ ገዛውቱን ኣዝማዱን ይርከብዎም እዮም፡፡

ብዝኮነ ኣነ ዋላ ጌጋ ምጽሓፉ ደስ እዩ ዝብንኢ ምኽኒያቱ ዝእርሙን ዚፈልጡን መታን ክእርምዎን ነቲ ሓቂ ተከራኪሮም ኮነ መርትዕ ኣምዚ'ኦም ከንጽርዎ ገዚፍ ግደ ስለዘለዎ፡፡ትም ሕትም እዩ ሕማኾ ንመጻኢ ታሪኽ ከይውርስ ይገብሮ እዩ፡፡

ጸጋይ በራኺ ነስመራ ዝገደፋ ጨርሒ ክትስራሕ ከላ እያ ይብላ ሰበይቲ ኣኩ'ኡ ተኾነ፡፡በኣሉ ግርማን ዶክተር ሃይሉ ነስመራ ኣብ ዝመጽሉ መቃን ጊዜ ጸጋይ በራኺ ንኣዲስ-ኣበባ ከይዱ፣ዳኒኤል ኣማን ኸኣኣ ድሕሪ ሓደ ዓመት ስዒብዎ'ዩ፡፡ኣብ ግዳይ ኣማውታ ጸጋይ በራኺ ኸ እንታይ ሓበሬታ ኣለኻ፧ ኤምስግነካ ወ ኤመስግነኩም ክብል እፈቱ ድማ፡፡

Abraham Ber-Ber

ጸጋይ በራኺ ሓያል ሰኣላይ ምንባሩ ኣብ በቤቱን በቤት ዓቢ ሓዉ ነበር ዝመለለሱ ዝነበሩ እስከ ምስኽርነትኩም ሃቡና ወ ኣራጉዱልና ኢኹም።ጸጋይ በራኺ ምስ ሊያ ኣብርሃ መዓስ ተላሊዩ መዓስ ኣብ ፍቕሪ ሪዕሞም፣ ቅድሚኣ ካልእ ዓርኺ ነይራቶ'ዶ፣ ምስ ሊያ ርክባቶም ምስ ተፋሓፍሐን ክልቲኦም ዓዲ ምስ ተረሓሓቹን ኸ፣